# Smittskydd Skåne

**ድጐል ቲቢ (ዓባይ ሰዓል) ሓበሬታ ንሕሙማት**
**(2016-09-19) መከላኸሊ ሕክምና መዓስ ይወሃብ።**

*ብሓካይም ምክልኻል ለበደ ዚወሃብ: ቈጽሊ ሓበሬታ ሕማም ለበደ*

**ከመይ ኢሉ ይለግበካ፧**

ባክተርያ ቲቢ: ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኣየር ይመሓላለፉ። እዚ ኸኣ: ሓደ ሓሚሙ ከላግብ ዚኽእል ሰብ ኣብ ዚስዕለሉ ወቕቲ: እቶም ኣብ ጥቕኡ ዚርከቡ ነቶም ባክተርያ ንውሽጢ ከስተንፍሱ ከለዉ ኪኽሰት ዚኽእል'ዩ።

**ድጐል ቲቢ ማለት እንታይ ማለት'ዩ፧**

ኵላቶም ብሕማም ቲቢ ዚልከፉ ሰባት ኣይሓሙን'ዮም። ኣብ ዚበዝሑ ሰባት: ሓይሊ ኣካላቶም ንዕቤት ባክተርያ ደው ኬብል ይኽእል'ዩ። ባክተርያ ኣብ ኣካል ህልዋት ክነሶም ግን ንጡፋት ኣይኮኑን። እዚ ከምዚ ዓይነት ሕማም ከኣ **ድጐል ቲቢ** ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**ድጐል ቲቢ: ሕማም ኣይኮነን**

ምርመራ-ደም (ኢግራ-ቴስት) ወይ ምርመራ ቈርበት (ቱበርኩሊንቴስት) ምስ ገበርካ ድጐል ቲቢ ኣሎካ ዚብል መልሲ እንተ መጺኡካ: **ምሉእ ብምሉእ ጥዑይ** ኢኻ፤ ናብ ካልኦት ሰባት'ውን ባክተርያ ኣይተላግብን ኢኻ። ኣብ መጻኢ ህይወት ሕማም ቲቢ ናይ ምምዕባል ሓደጋ ኣሎ፤ ግን እቲ ሓደጋ ንእሽቶ'ዩ። ምእንት'ዚ: ዚበዝሕ እዋን'ውን: ድጐል ቲቢ ንዘሎዎም ሕክምና ምሃብ ኣየድልይን'ዩ።

**ኣብ ሓደሓደ ኵነታት ኣቓዲምካ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ**

ገለገለ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ከይሓሙ ኣብ ሓደጋ ዚርከቡ ኣቓዲምካ ናይ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ። እዚ ቅድም-ቀዳድም ንቈልዑን መንእሰያትን: ኣብ እዋን ጥንሲ: ኣብ እዋን ሕርሲ: ከምኡ'ውን ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንዘሎዎም ሰባት: ንኣብነት ኣብ ግዜ ሕክምና መንሽሮ: ብኢንሱሊን ዚፍወስ ሕማም ሽኮር: ጽንኩር ሕማም ኵሊት ወዘተ ይምልከት። ንተላገብ ሕማም ቲቢ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተቓልዑ'ውን መከላኸሊ ሕክምና ስሕት ኢልካ ይወሃብ'ዩ።

**መከላኸሊ ሕክምና ክትወስድ/ዲ ንምዕደካ/ኪ**

ድጐል ሕማም ቲቢ ስለ ዘሎካ/ኪ: እሞ ምስ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዚጥቀሱ ጕጅለታት ስለ ትቖጸር/ሪ: ሕማም ከይምዕብል ንምክልኻል ዝዓለመ ሕክምና ክትገብር/ሪ ንምዕደካ/ኪ። እዚ ኸኣ: ኣብ መጻኢ ህይወትካ/ኪ ሕማም ቲቢ ከይለዓለካ/ኪ ዘሎ ሓደጋ ንምንካይ ዝዓለመ'ዩ።

**መራኸቢ ሓበሬታ *(Kontaktuppgifter)***

ስም ክሊኒክ:- *(Namn på mottagningen)*

....................................................................

ዝረኸብካዮ/ክዮ ሰብ:- *(Du har träffat)*

.............................................................................. ሓኪም *(Läkare)*

.............................................................................. ነርስ *(Sjuksköterska)*

ቴለፎን/ናብ ክሊኒክ ዚድወለሉ ግዜ:- *(Telefonnummer/telefontid till mottagningen)*

..............................................................................................................................................................